ሰብ ኮፍ ኣቢሎም ብዕድመ ዝደፍኤ ወይ ከዓ ኣብ ሕብረተሰብ ተፈላጣይ ዝኾነ ምስ ጀመረሎም ኵሎም "ርሑስና ኩን" ኢሎም ቄጽሊ የንብርሉ ነበሩ። እንካባኡ "ዎና" ዝብል መዓርግ ይወሃቦ። እዙይ ምስ ፈጸሙ ናብ ላዕለዋይ በዓል ሥልጣን የቕርብዎ እሞ ናይ ሰፊሕ ሕዝቢ ፍቓድን ድልየትን ምኺኑ ተፈሊጡ ይጸድቀሉ። እዙ ሰብ እንክመውት፡ እቱ ወዱ፡ ሕዝቢ እንተዘይተቐቢሉዎ "ናይ ኣቦይ ሽመት" ቢሉ ክጥይቕ ኣይኽእልን። ጠቕላላ ሥልጣኑ ናይ ሕዝቢ ኢዩ። ኣመሓዳሪ ይሽየም ዝነበረ ከስ ብዙ እንተበደለ እውን ሕዝቢ የውርዶ። ካብ'ዙ መልክዕ'ዙይ ኣብ ዋዕላ (ኣኺባ ሕዝቢ) ብምርጫ ሕዝቢ ኢዩ። ካብ'ዙ ሥነሥርዓት'ዙይ ንድኃር ሥልጣኑ (ሽመቱ) ሕዝባዊ ኮይኑ የመሓድር ነበረ።

ስለ'ዙይ ኣብ ዓዲ ኢሮብ ሥርዓት "ዲሞክራሲ" ብመጠኑ ካብ ነዊሕ ጊዜ ዝሥርሐሉ ዝነበረ ሥርዓት ምኺኑ ኢዩ። ኢሮብ፡ ባዕልኻ ብባዕልኻ ናይ ምምሕድዳር ልማድ እንካብ ነዊሕ ጊዜ ከምዝነበሮም እንክፍለጥ፡ ብዘበን መሳፍንቲ እውን፡ እንካብ'ቱ ሣልሳይ ኃው - ሓሰበላ ዝወረደ ዘርኢ፡ ግኑን መስፍን፡ ምሉእ ትግራይ-ትግርኝ ጠቕሊሉ ዝገዝኤ ደጊያት (ደጃች) ሱባጋድስ[47] እተመርሑ፡ ካብ

[47] ፍሥሓ ጊዮርጊስ ዓቢየ እግዚእ ዘየሓ (ዓድዋ)፡ ታሪክ ኢትዮጵያ" ኣብ ዘርእስቱ መጽሓፉ ንዙ ዝስዕብ ኣስፈሩ ይርከብ፦

"ናይ ዓጋሜ መራሕቲ፡ እንዳ ዝዋቤ ዚበሃሉ ዓበይቲ ዓሌት ነበሩ። ንዓጋሜ መራሕታን ገዛእታን ንሳቶም ነበሩ። እንካብ'ቱይ ኩመኒት ዚበሃል ወዲ ዓበይቲ ዓሌት ኢሮበታይ፡ እዳ ሓሰበላ፡ ጓል እቱ ገዛእ ዓጋሜ ዝዋበታይ ኣእተወ። እንካብኣ ደቂ ተወልዱ። እንካብኣቶም እቱ ሓደ ስሙ ወልዱ ተባህለ። ንፉዕን በሃርን ነበሩ። ቅድሚት ምስ ራእሲ ወልደ ሥላሴ ተከተሉ፤ ሹም ዓጋሜ ተባሂሎም ገዛኢኣ ኮኑ። እቶም ወዲ ንወዲ ዚውለዱ ግን እናቈንጸቡ ከዱ። እዞም ሹም ዓጋሜ ወልዱ ፴ ዚኮኑ ደቂ ወለዱ። እንተ ገሌኦም ግን ፳ ይብሉ። እንካብኣቶም ደጊያት ሱባጋድስ ሠልጠኑ። ንሰየምቲ ትግራይ ኵሎም መለኩዎም። ምእንትዙይ ትግራይ ብድፍና ኣብ ትሕቲ ኢዶም መለስዋ። ኣውራ መቃምጦኦም ዓድዋ ገበሩ። ...."

Fesseha Giyorgis, Storia d'Etiopia, a cura di Yaqob Beyene, Istituto Universitario Orientale, Departimento di Studi e Ricerche su Africa e Paesi Arabi, Napoli, 1987, p.61f ረአ።

ከማኡ'ውን፦ ተክለ ጻድቅ መኵሪያ፡ የኢትዮጵያ ታሪክ ፡ ከዐፄ ልብነ ድንግል እስከ ዐፄ ቴዎድሮስ፡ ብርሃንና ሰላም ቀ.ኃ.ሥ. ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ - ፲፱፻፷፩ ዓ.ም.፡ ገጽ 317-319።



ካልኣይ ኃው'ውን - ካብ ዘርኢ ኣልገዳ ዝወረዱ ብላተን ጌታ ብላታ ፍሡሕ ኣሺሞም ዝተመርሑ ሕዝቢ ኢዮም። ብድኅሪ ስዕረት ጣልያን'ውን እንተኾነ፡ ምንም'ኳ በቦ ወይ ብኖ ትውልዶም ኢሮብ እንተነበሩ፡ መንግሥቲ ንቱ ልሙድ ባህሊ ኢሮብ ዝነበረ ባዕልኻ ንባዕልኻ ናይ ምምሕድዳር ሥርዓት ዓብሊሉ፡ ኣብ ከተማ ዝነብሩ ተወልጀታት ኣመሓደርቲ እንካብ ላዕሊ እናለኣኸ ይገዝኦም ነበረ። ብሰንኪ'ዙይ ከዓ መደባት ሕብረተሰብ ተፈጢሮም፤ ትኅዝቶ መሬት'ውን ፊዩዳላዊ ኮነ። ኣብ ዓሊተና፡ ኣብ ማእከላዊ ሥፍራ ናይ'ቱ ሕዝቢ፡ ተቛቑሙ ዝነበረ ወረዳ እውን ምእንቲ ንበዓልቶም ክቐርበሎም እንካባኡ ኣልዒሎም ናብ ወሰን ንዛላኣንበሳ ቐየሩ።

ኣብ ዓዲ ኢሮብ ይዝውተር ዝነበረ ናይ ዓርሰ-ምምሕዳር "ዲሞክራሲ" ኣብ እዋን ሃገራዊ ሥርዓት ሓፀይነት ብምንባሩ ዓቢይ ግምት ክወሃቦ ዝግባእ ክስተት ኢዩ። መሠረት ናይ'ዙ ዲሞክራሲያዊ ዓርሰ-ምምሕዳር ብቱ ሕዝቢ ናብ ደጊያት ሱባጋድስ ዝቀረባ ናይ ውዕሊ ሕቶታት እንክኾና፤ እዚኣን ከዓ ከም'ዙ ዝስዕብ ዝብላ ኢየን፦

1/ ኣብ ዓዲግራት ዝቐመጥ ወደባት እንተዘይኮይኑ ካልእ ባዕዲ ከይትሾሙልና፤

2/ እቱ ወደ'ባት ከዓ ዓሌት በዓልትና ኣሚንናሉ መሪጽና ዝሃብናኩም ክተጽድቑልና፤

3/ ግብሪ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ፡ ሓርቢ መዓርን ስብሕትን እንተዘይኮይኑ ካልእ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ፈሰስ ወይ ጥረ ገንዘብ ከይትጥይቑና፡ ዝብል ኢዩ ዝነበረ። እዙ ውዕሊ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ ብላዕሊ መንግሥታዊ ውዕልን ኣጸዳድቓ ሹመኛን ከምዙይ እንክመስል፡ ኣብቱ ዓዲ "ዎና" ብዝብል ሹመኛ ይመሓዳደር ነበረ። ክሳዕ ጊዜ ወራር ፋሺሽቲ ከዓ ክሥረሐሉ ጸንሐ።

እቱ ሥርዓት ("ኣዶሓ ኢሮቢህ/ቡክናይቲ ዓሪህ ሱግሳህ/ሠርዓታህ") "ከም ሥርዓት ሠለስተ ኢሮብ/እዳ ቡኵነይቶ/" ዝብል ሥርዓት'ውን ከም ኵሉ ሕዝቢ ዓጋመ፤ "ከም ሥርዓት ወልዱን ሱባጋድስን" ናብ ዝብል ተለዊጡ ብሥርዓት እዳቦ ኣብ መርዓ ክሳዕ

ተክለ ጻድቅ መኵሪያ፡ የግራኝ አሕመድ ወረራ፡ ብርሃንና ሰላም ቀ.ኃ.ሥ. ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ - 1966 ዓ.ም.፡ ገጽ 129 ረአ።

ጀሜትራ ገብረ ኢየሱስ አባይ፡ መሠረት ዓሌት ሕዝቢ መረብ ምላሽ፡ ገጽ ፲፰፳፫።

"ሱባጋጽስ" ዝብል ስም ብርእሱ ሳሆኛ ኮይኑ፡ ትርጉሙ "ምልኪ ዘድቢ"፡"ብላዕሊ ክኸውን ዘስክእ"፡ ኢዩ ዘስምዕ።